# ቫይረስ ኮሮና ንምክልኻልን ንምቁፅፃርን ኣብ ዝወፀ ድንጋገ ህፁፅ እዋን ካብ ዝተኻተቱ ነጥብታት፡፡



1/ ኣብ ትግራይ ካብ ገጠር ናብ ከተማ፣ ካብ ከተማ ናብ ከተማ፣ ካብ ከተማ ናብ ገፀር ዝግበሩ ዝዉዉራት ንክልተ ሰሙናት ተኣጊዱ ኣሎ።

2/ ህዝቢ ብበዝሒ ዝእከበሎም ዓበይቲ ዕዳጋታት ተኣጊዶም ኣለዉ።

3/ መርዓ፣ተስካር ዝበሉ ማሕበራዊ ርክብ ዘጠናኽሩ ጉዳያት ጠጠዉ ክብሉ ተወሲኑ ኣሎ ።

4/ ትካላት ንግዲ ፣ ማእኸላት መዘናግዒ፣እንዳ ጫት፣ ለይታዊ ሳዕሲዒት(Night Club)፣ ኩዕሶን ካልኦትን ተኣጊዱ ኣሎ።

5/ ትግራይ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ዝቆፃፀር ሴክረተሪያት ተጣይሹ ኣሎ፡፡

6/ ማዕኸናት ዜና ዝመርሕ ኮሚቴ ተጣይሹ ኣሎ።

7/ ኣብ ኩለን ሆስፒታላት ትግራይ ፍሉይ መፅንሒ ፣ ሰብ ሞያን ኣንቡላንሳትን ተዳሊዩ ኣሎ፡፡

8/ ኣብዛ መኸተ እዚ ሕድሕድ ትግረዋይ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

9/ እዞም ኩሎም ሕግታት ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ትካላት ፌዴራል እዉን ተገዛእቲ ይኾኑ ።

10/ ኣብያተ ፀሎት ኣብዚ ክልተ ሰሙን ኣመንቲ ኣብ ገዝኦም ኮይኖም ክፅልዩ መራሕቲ ግቡእ ትምህርቲ ክህቡ ተወሲኑ፡፡

11)ኣብያተ ትምህርቲ ትግራይ ፣ መዋእለ ህፃናት ክዕፀዉ ተወሲኑ ኣሎ

12) መንግስታዊ ግልጋሎት ቤት መዘጋጃ ሓዊሱ ከም ካብኔ ኣብዛ ክልተ ሰሙን ግድን ዘየድሊ ስራሕ ይተዓፆ ተባሂሉ፡፡

ኣብ ገዛ ኮይንካ ዝስራሕን ኣብ ቢሮ ብኣካል ዝስራሕ ብዝብል መንግስታዊ ኣብያተ ዕዮ የቕርባ ኣለዋ በዘቕርበኦ ዘሎ ፀብፃብ ተግባራዊ ይኸዉን፡፡

13 ካብዚ ሓደጋ ለበዳ ንምድሓን ኣብቶም ኣብ ሰራሕ ክፀንሑ ዝተወሰነ ኣብያተ ዕዮ መስርሕ ኣቀማምጣን ኣጠቓቕማ ሳኒቴሽንን ክትግበር ኣለዎ፡፡

14/ ጥኑሳት፣ጥሮታ ክወፁ ዝቐረቡ ዕብይ ዝበሉ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ኣብ ገዛ ክኾኑ ተወሲኑ ኣሎ። እዚ ክግበር ከሎ ገዝኡ ኮይኑ ክሰርሕ እንበር ከዉደልድል ኣይኮነን ተባሂሉ፡፡

15/ ተምሃራይ ይኹን ትኩስ ሓይሊ መንእሰይ ትግራይ ነቲ ስግኣት ዓለም ኮይኑ ዘሎ ቫይረስ ንምክልኻል ኣድላይ ተኾይኑ ክዋፈር ፃዉዒት ክግበር እዩ፡፡

16/ ኣኼባታት ተኣጊዶም ኣለዉ

17) ንግዲ ትካላት፣ ማእኸላት መዘናግዒ፣እንዳ ጫትን፣ ለይታዊ መዘናግዕታት፣ ፀወታ ኩዕሾን ካልኦትን ተኣጊዶም ኣለዉ፡፡ከምኡ እውን ተሃነፅቲ ሕጊ ምሕታት ተኣጊዱ ኣሎ፡፡

18 ኣብያተ ምግቢ ብፍሉይ ጥንቃቐ ክገብሩን ኮይኑ ግን ምግቢ ዓድግካ ምኻድ ይምረፅ፡፡ ሳኒቴሼን ማተራያላት ብበዝሒ ኣብ ኣፍደገ ዳ ምግብን ቁርስን ክዳሎ ኣለዎ፡፡

19/ ፋብሪካታት ብጥንቃቐ ስራሕተን ክዉግና።

20/ ጉዕዞ ተሽከርከርቲ ኣብ ከተማ ክቕፅል እዩ።

21/ ኣብ ከተማ ዝሰርሓ ታክስታት ኣተገባብርኡ 12 ዝሕዛ ዝነበራ 8 ሰባት ይሕዛ፡፡ ባጃጅ 1 ሰብ ጥራሕ ተሳፍር፡፡

ነዚ ኩሉ መንግስቲ ትግራይ በጀት መድብሉ ኣሎ፡፡ ሙሁራት ተጋሩ፣ ዉልቀ ትካላት እዉን ኣትዮም ይሕግዙ ከምዘለው እውን ተሓብሩ ኣሎ።